## ሃገራዊ ፖለቲካዊ ሕማምና፡ ብንጹር ኣረኣእያን ሓቀኛ ምትእምማንን ‘ምብር፡ ብቑዘማን ጣሕማሽማሽን ኣይፍወስን።

ኤርትራውያን ፖለቲከኛታትን ምሁራትን ውልደት ዘመናዊ ሕብረ-ሰልፋዊ ፖለቲካ ኤርትራ ኣብ ኣህጉር ኣፍሪቃ ኣብ ቀዳማይ ቦታ ዝስራዕ’ዩ። ናይ ደሞክራሲ ኣብነት ነይሩ። ምዕቡል ነይሩ ኢሎምኣፎምማሊኦም ኣብ መድረኽ ወጺኦምክዘረቡ ንሰምዕ ኢና። ገለገለ ማዛግብቲ ታሪኽ’ውን ብናይ ባዕልና ስልጡን ኣተሓሳስባ ዝመጽአ ምዕባለ ምዃኑ ዘረድእ’ኳ እንተዘይኮነ፡ ኣብ ዘመናዊ ፖለቲካ ኣፍሪቃ ጀማሪቲ ኢና፡ ምዕቡል ኣተሓሳስባ ነይሩና ዝብል ሰፊሩ ይርከብ። እቲ ዝበሃል ዘሎ ዘማናውነትን ምዕቡል ፖለቲካን መዓስን ከመይን መጺኡ ፍሉጥ’ዩ። መግዛእቲ ጣልያን ኣብ ካልኣይ ኲናት ዓለምብሓይልታት ኪዳን ተቐጥቂጡ ካብ ኤርትራን ዘባ ቀርኒ ኣፍሪቃን ምስ ወጽአ፡ ወተሃደራዊ ምምሕዳር እንግሊዝ ብሞግዚትነትን ንኤርትራ ን10 ዓመት ከማሓድር ብሓያላን ሃገራት ፍቓድረኺቡ። ስለዚ ከኣ ብናይ ኤርትራውያን ተበግሶን ምዕቡል ኣተሓሳስባን ዘይኮነ፡ እንግሊዝ ንገዛእ ርእሱ ክጥዕሞን ገይረ ንምባል ዝኣክልን ናይ ፖለቲካ ሰልፍታት ክወለዳን ክነጥፋት ፈቒዱ።

ሞግዚታዊ ወተሃደራዊ ምምሕዳር እንግሊዝ ማብገሲኡ ብዘየገድስ፡ ኣብ ግዜ መግዛእቲ ጣልያንን ቅድሚኡን ዘይነበረ ፖለቲካዊ ንጥፈታት ክህሉ ምግባሩ ኣወንታዊ ጎኒ ኣለዎ። ይኹን ግን እቲ፡ ብደረጃ ኣህጉርና ኣፍሪቃ ኣብ ቀዳማይ ቦታ ዝስራዕ፡ ምዕቡል ኣተሓሳስባን ዘመናዊ ኣወዳድባን ተባሂሉ፡ ብፖለቲከኛታት፡ ምሁራትን ገለ ማዛግብቲ ታሪኽን ኤርትራውያን ዝገልጽ፡ ብሓቂ ምዕቡል ኤርትራዊ ኣተሓሳስባ ነይሩ ድዩ ወይስ ብኣንጻሩ ምርኣይ ኣገዳሲ ይመስለኒ። ብማጽር መትከላት ሕብረ-ሰልፋዊ ደሞክራስያዊ ስርዓት፡ እተን ፖለቲካዊ ማሕበራት ዕላማኦን እንታይ? መን ብድሕሪኦን ነይሩ ዝብል ንጎኒ ገዲፈ፡ ከምኡ ዓይነት ሓሳብ ክጥነስ ምኽኣሉ ኣወንታዊ’ዩ።

ፖለቲካዊ ሰልፊ (ማሕበር) ናይ ምምስራት ናይ ሓሳብ ጥንሲ ጽቡቕ። እቲ ጥንሲ ግን ጥዑይ ኮይኑ ኣይተወልደን። ምስ ድሑር ባህርን ኣሰራርሓን ፖለቲካዊ ሕማሙዩ ተወሊዱ። ብኣጋ ድማ ካብ ሕማሙክፍወስ ኣይተኽእለን። ከምቲ ሕማም ኣንቅጺ፣ ፖሊዮ፣ ንፍዮ ኣቓዲሙ ማከላኸሊ ክታበት እንተዘይረኺቡ ናይ ዕድመልክዕ ኣካላውን ስነ-ኣእምሮኣውን ስንብራት ዝገድፍ፡ ምዕቡልን ዘመናውን ዝተባህለ ፖለቲካዊ ኤርትራ፡ በተሓሳስባ ኮነ ብተግባር ጥዕና ዘለዎ ኮይኑ ኣይተረኽበን። ኣይኮነን ኣብነት ፖለቲካ ኣህጉርና ኣፍሪቃ ክኸውን ገዛእ ርእሱ ጠንቂ ሕማሙ ብልክዕ ክፈልጥ ኣይከኣለን። ጠንቂ ሕማሙ ብጣሕማሽማሽ (ብሃወሪ) ‘ምብር፡ ብስነ-ፍልጠት ናይ ምግምጋምባህሊ ኣየማዕበለን።

ዝኾነ ሕብረተ-ሰብ ብደርብታት ዝተኸፋፈለ’ዩ። ስለዚ ከኣ ነቲ ፖለቲካዊ ወጽዓ ክትፍውስ፡ ንጹር ስነ-ሓሳባዊ ኣረኣእያ፡ መን እንታይ ዕላማኡ? መን ምስ መን ይዛመድ? ማሕበራዊ ማሰረቱ ኣበይ’ዩ? ዝብል ማሰረታዊ ረቛሒታት ማብገሲ ገይርካ ምምዛን ወገናውነትካ ድማ ምንጻር ናይ ግድን’ዩ። ፖለቲካዊ ባህልና ግን ንኸምኡ ክብደት ሂቡ ኣይርእን። ኣሰላልፋ ፖለቲካዊ ሓይልታት ብመጽናዕቲ፡ ብገምጋም ብስትራተጂን ስልትን ኣየንብብን። ኣይናበብን። ደርባዊ ስነ-ሓሳባዊ ፍልልይን ንጹርነትን ዘይብሉ፡ ማሕበራዊ ማሰረት ዘይፈሊ፡ ንኣሰላልፋ ፖለቲካዊ ሓይልታት ስርናይን ክርዳድን ከይፈለየ ኣብ ሓደ ካሻ ኣእትዩ ተሰኪሙይጎዓዝ ኣሎ። ብውጽኢቱ ከኣ እነሆ ካብ ውልደቱ ክሳብ’ዚ መድረኽ’ዚ ካብ ፖለቲካዊ ድሕረት፡ ትምክሕንትን ጽበትን ኣረኣእያ ዝፍውስ መድሓኒት ሓሪምዎ፡

ዘዋጽእን ዘዐውትን ጎደና ገዲፉ፡ ብዘየዋጽእን ዘየዐውትን ኣንፈት ብጣሕምሽማስ ይጎዓዝ ኣሎ።

እዚ ናይ ኣረኣእያን ኣሰራርሓን ደምባርበር ከምዘሎ መንጸብረቕታ’ዩ፡፡ ኣብ ውልደትን ምዕባለን ፖለቲካ ኣህጉር ኣፍሪቃ ተራና ከምዚ ነይሩ፡ ከምዚ ሰሪሕና ተኺልና፡ ኣብነታውያን ኢና ኢልካ ትንየተሉ ኣይኮነን። በቲ በሃልቲ ዝገልጽዎን ማህደራት ታሪኽ ዝሕብርዎን፡ ኣብ ኤርትራ ዘመናዊ ፖለቲካ ኣተሓሳስባን ኣወዳድባን ካብ ዝጅምር፡ ካብ መጀመርያ 1941 ክሳብ ሎሚ2020 ኣስታት 80 ዓመት ገይሩ ኣሎ። 80 ዓመት ሰለስተ ወልዶ ሓሊፉ፡ ናብ ራብዓይ ወለዶ ምስግጋር ዝተጀመረሉ ነዊሕ ዕድመዩ። ፖለቲካዊ ሓርነት ዘይተራእየሉ ፍጹም ዕረፍቲ ዘይብሉ ናይ ስቓይ፡ ዕንወት፡ ሞትን እህህታን ዘይተፈልዮ ዓመታት ድማዩ። ኣብ’ዚ ሓርጎጽጎጽ ዝበጽሖ ነዊሕ ፖለቲካዊ ዕድመዚ፡ ፖለቲካዊ ብስለት፡ ንቕሓትን ብቕዓትን ኤርትራውያን ፖለቲከኛታት ጥራሕ ዘይኮነ፡ ህዝቢ ከምህዝቢ እንታይ ክማስልን ክኸውንን ነይርዎ? ብተግባር ከ እንታይ ይማስልን ኮይኑን ኣሎ? ብንቕሓት ብሓላፍነት ንዝመዝን ሰብ ብሕፍረት ርእሲ ዘድንን ‘ምባር፡ ብመን ከማን ኣየነይትን።

ፖለቲካ ከምቲ ገለ ጠቕመፈሊጣውያን ዝኾኑ ውልቀ-ሰባትን ጉጅለታትን ለባማት ክማስሉ፡ ፖለቲካ’ኮ ከከም ሽጣራኻ ትጻወተሉ ዓውዲ’ዩ። ፖለቲካ’ኮ ማእከል ናይ ተንኮልን ምብልላዕን’ዩ። ፖለቲካ’ኮ ብስነ-ማነት ሓይሊ’ዩ ክምራሕ ዘለዎ። ፖለቲካ’ኮ ንፖለቲከኛታትን ምሁራትን ‘ምባር ንህዝቢ ዝምልከት ኣይኮነን። ህዝቢ ዝተባህሎ ክሰምዕን ከተግብርን ጥራሕ’ዩ ዘለዎ .....ወዘተ ክብሉ ዝገልጽዎ ኣይኮነን። ፖለቲካ ስነ-ፍልጠት’ዩ። ፖለቲካ ጥበብ ናይ ምሕደራ’ዩ። ፖለቲካ ዘይኣትዎ ዓውዲ የለን። ፖለቲካ ብንቕሓት፡ ብብቕዓትን ህዝባዊ ወገናውነትን ዝመርሖ ደሞክራስያዊ ሓይሊ እንተረኺቡ ማሰረት ኩለንተናዊ ምዕባለ’ዩ። ብኣንጻሩ ብፖለቲካዊ ንቕሓት፡ ብቕዓት፡ ሓቀኛ ህዝባዊ ደሞክራስያዊ ኣረኣእያን ህዝባዊ ቅዋማዊ ግዝኣተ ሕግን እንተዘይተመሪሑን ተገሪሑን ከኣ፡ ኩለንተናዊ ዕንወትን ሞትን ዘኸትል ዓውዲ’ዩ። ብዘይ ፖለቲካዊ ንቕሓትን ብቕዓትን፡ ብዘይ ህዝባዊ ኣረኣእያን ህዝባዊ ቅዋማዊ ሕግን ናይ ዝምራሕ ፖለቲካ ኣብነት ከኣ ህልዊ ፖለቲካዊ ኩነታት ኤርትራ’ዩ። ካብ ዓመት ናብ ዓመት ጌጋና እናኣረምና ብጎደና ምዕባለ ንምርሸሉ ዘይኮነ፡ ብኣንጻሩ ካብ ዓመት ናብ ዓመት ብመንገዲ ጥፍኣት ናብ ፍጹም ዕንወትን ሞትን ኢና ንምርሽ ዘለና። እዚ ካብ ፖለቲካዊ ድኽነት ዝመጸ’ዩ።

ከም ህዝቢ፡ ካብ ውልደት ዘመናዊ ፖለቲካ 19941 ክሳብ ሎሚ 2020 ካብ ቃልሲ ኣይበኾርናን። ካብ ቃልሲ ዘይምብኳርና ብኣወንታ ክተባባዕ ዘለዎ’ዩ። ኣብ ኩርኳሕ ዘለዎ ማእሲ ደቂሱ ከይተገልበጠ ዝሓድር፡ ኣብ ቁንጪ ዘለዎ ገዛ ሓኽፍ ከይበለ ለዋምለይቲ ዝሓድር ሰብ ዘሎ ኣይማስለንን። ስለዚ ከኣ ንሕና ካብ ክሳብ ምቅላስናን ገና ኣብ ቃልሲ ምህላውናን ኣየገርምን። ሰባት ስለ ዝኾና፡ ካብ ፖለቲካዊ ኩርኳሕን ቁንጫን ክንድሕን ነጻነትን ሓርነት ክንደሊ ንቡር’ዩ። ግዝኣታዊ ሜሬታዊ ነጻነት ኣብ 1991 ብሓይሊ፡ ኣብ 1993 ከኣ ብሕጊ ተማሊሱ’ዩ። ሃገራዊ ናይ መንነት ሕቶ ብሓይልን ብሕግን መዕለቢ ምርካቡ ሓደ ስጉምቲ ንቕድሚኮይኑ ህዝባዊ ልኡላውነት ክሳብ ዘይተረጋገጸ ግን፡ ሕቶ ነጻነት ተማሊሱ፡ ሕቶ ሓርነት ተሪፉ ኢልካ ነጻጺልካ ትገልጾ ኣይኮነን። ነጻነትን ሓርነትን ኣይፈላለን። ንገድሊ ኤርትራ ዝወለደ ብማሰረቱ ሜሬት ኤርትራ ብኣራግጽ ባዕዳውያን ስለዝሓመደ ዘይኮነ፡ ዘይጽወር ህዝባዊ ወጽዓ ስለ ዝነበረ’ዩ። ነጻነት ማለት ከኣ፡ ነቶም

ወጻዕቲ ብቃልስን ማስዋእትን ኣልጊስካ፡ ባዕልኻ ንባዕልኻ ትመሓደር ነጻ ህዝቢ ነጻ ሃገር ምዃን ማለት'ዩ። ነጻነት ካብ ሓርነት፡ ሓርነት ካብ ነጻነት ክትፈላሊ ምፍታን ማግኒሲኡ ድሩት ኣፍልጦ ኮይኑ፡ ጸጉሪ ክትስንጥቕ ከምምፍታን ዝቑጸር'ዩ። ሃገር ማለት ሰብ'ዩ። መጀመርያ መግለጺ ኤርትራዊ ሃገርነት፡ ብትውልድን ብሕግን ኤርትራዊ ዝኾነ ሰብን'ዩ። ኣህጉራዊ ተፈላጥነት ዘለዎ ሜሬታዊ ልኡላውነት ብካልኣይ ደረጃ'ዩ ዝስራዕ። ስለምንታይ'ሲ ንኤርትራዊ ሜሬታዊ ልኡላውነት ኤርትራዊ ዜጋ'ዩ ፈጢርዎን ዝሕልዎ ዘሎን። ንኤርትራዊ ሰብ ( ዜጋ) ግን ኤርትራዊ ሜሬታዊ ልኡላውነት ኣይፈጠሮን። ኣይሕልዎን ድማ፡ ቅድሚ ክብረት ኤርትራዊ ሰብ፡ ክብረት ሃገርነት ዝብል፡ ሓደ ካብ'ቲ ብሃውሪ (ብጣሕማሽማሽ) ፖለቲካ ንኸይድ ምህላውና ንግለጸሉ ክእረምዘለዎ ዝተዛበዐ ኣረኣእያ'ዩ።

እዚ ካብ ናይ 80 ዓመት ጉዕዞ ዘይተማህረ" ካብ ትምክሕንትን ጽበትን ፖለቲካዊ ድሕረት ዘይተገላገለ፡ ብግዝያዊ ስምዒታዊ ረስኒ ዝምራሕን ዝቑዝምን መግለጺ ዘይበሰለ ኣረኣእያና'ዩ፡፡ ሎሚ ኣብ ዓበይትን መንእሰያትን፡ ነበራትን ሓድሽን ፖለቲካዊ ውድባትን፣ ጉጅለ ህግደፍ ጸላኢ ድዩ ፈታዊ፣ ክመጽእ ዘለዎ ፖለቲካዊ ለውጢጽገናዊ ድዩ ማሰረታዊ ለውጢ፣ ናይ ሓጺርን ነዊሕን ተልእኾ ፖለቲካዊ ውድባት፣ ኣብ ኣተሓሕዛ ምሕዝነትን ሓድነት ፖለቲካዊ ሓይልታት ዘሎ ርድኢት፣ ካብ ማሰረታዊ ክብረት ሰብኣዊ ማስላት፡ ክብረት ግኡዝ ሜሬታዊ ግዝኣት ዘቐድም ኣተሓሳስባ፣ ምስ ጎሮባብቲ ሃገራት ዝነበረና፡ ዘለናን ንቕድሚት ክህልወና ዝግባእን ዝምድና ....ወዘተ ዛጊት ዘይጸረ ወይ ሜልክዕ ዘይሓዘሉ ምኽንያት ንኹሉ ሓላፍነት ዝስማዕ ኤርትራዊ ዘቕንዙ'ዩ። ንኽተሎዘለና ኣገባብ "ቆልዓይ ይወለድ ብዕድሉ ይዓቢ" ዓይነት'ዩ። ኣብሃገርና ፖለቲካዊ ለውጢክመጽእ ንደሊ፡ ዝመጽኣሉ መንገዲ ግን ኣይንኽተልን። እዚ ጸላኢና ጉጅለ ህግደፍ ዘይኮነ፡ ባዕልና እቶምደለይቲ ለውጢዕንቅፋት ንኸውን ምህላውና'ዩ ዘርእየና።

ካብ ባዕላዊ ፖለቲካዊ ድሕረት ወጻኢ፡ ፖለቲካዊ ውድባት ኣንጻር ቀዳማይ ጸላኢና ህግደፍ ኣብ ሓደ ሓባራዊ ግንባር ከይዓስሉ ዝኽልክል ጭቡጥ መጎትን ሚረዳእታን የለን። " ህዝቢ ይጸንት ኣሎ" "ድሕነት ህዝብን ሃገርን ቅድሚኩሉ" ብኹሎምውድባትን ውልቀ ሰባት ደለይቲ ደሞክራስያዊ ለውጢኤርትራን ተደጋጊ መክግለጽ ይስማዕ። ህዝቢ ይጸንት ኣሎ ምባል ሓቂ'ዩ ጌጋ የብሉን። ድሕነት ህዝብን ሃገርን ቅድሚኩሉ ምባል'ውን ቅቡል'ዩ። ይኹን ግን ህዝቢ ይጸንት እንተሃልዩ ደኣ ቅድሚኡ ዝስራዕ ዛዕባ እንታይ ስለዘሎ'ዩ ገለ ትርጉም ዘለዎ ስራሕ ክስራሕ ዘይተኻእለ? ድሕነት ህዝብን ሃገርን ቅድሚኩሉ ሚሪሕ ጭፍሖ እንተኾይኑ ቀዳምነት ነዚ ሂብካ ዘይምስራሕ እንታይን መን ዓንቀጸ?

ኣብ'ዚ ቀረባ እዋናት ኣብ ማሕበራዊ ሚራኸቢታት ሰባት ዝነጥፍሉ ዘለው ሓደ መግለጺ ጣሕማሽ ማሽ ፖለቲካና ክገልጽ። ካብ መፋርቕ ዓመተ 2018 ንነጀው ኣብ መንጎ መንግስቲ ኢትዮጵያን ውልቀ ማላኺ ኢሳያስ ኣፈወርቅን ተገይሩ ተባሂሉ ዝተሓበረ ግልጽነትን ወግዓውነትን ዘይብሉ ስምምዕን፣ ውልቀ ማላኺኢሳያስን ቀዳማይ ሚኒስተር ኢትዮጵያ ኣብይ ኣሕመድን ፈጢረሞ ዝተባህለ ዕርክነትን ማሰረት ብምግባር፡ ኣንጻር ክልተ ውልቀ ማላኽቲ ኤርትራውያን፣ ኢትዮጵያውያን ግንባር ፈጢርና ንሰርሕ ኣለና ዝብል'ዩ። ንሕና ኤርትራውያን ኣብ ናይ 80 ዓመት ፖለቲካዊ ተመክሮና ኣብ ውሽጥና ኣብ ሓቀኛ ምትእምማን ዝተማሰረተ ምሕዝነትን ሓድነት ከነዐውት ኣይከኣልናን። ኣብ ፍጹም ፖለቲካዊ ድሕረት ተኣሊኻ ኢና ንርከብዘለና።

ብተግባር ኣብ ከምዚ ኩነታት እናሃለና ዶብ ሰጊርና ኣንጻር ውልቀ ማላኽቲ እንታይ ዓይነት ምሕዝነት ንግበር'ዩ ዝበሃል ዘሎ? ንልኡላውነት ኤርትራ ዘኽብር ህዝቢ ትግራይን ውድብ ህወሓትን ኣኽብሮት ክንህብን ኣብ ዘራኽቡና ሓቢርና ክንሰርሕን ቅኑዕን ብተግባር ክንዋስኣሉ ዘለናን'ዩ። ግን ዝኾነ ትዕዝብቲ ይሃልወና ኣብይ ኣሕመድ ኣንጻር ኤርትራን ኤርትራውያንን ምኳኑ እንታይ ዝተጨበጠ ፖለቲካዊ" ሕጋዊ ኮነ ወተሃደራዊ ሞርተዖ ኣለና? ኢሳያስ ምርሓና ኢልዎ፡ ምስኡ ኮሸምሸም ኢሉ ካብ ዝብል ተበጊስካ ኣብ ልዕሊኡ ኣሉታዊ ሞርገጽ ክትወስድ ዝከኣል ኣይመስለንን። ደረጃ ናይ'ቲ ውልቀ ምልክነት'ከ ኣብይ ኣሕመድ ሞዕረ ኢሳያስ ክሰርዕ ልክዕ ድዩ? ብተነጻጻሪ ኣብይ ኣሕመድ ዝመርሓ ኢትዮጵያ፡ ኢሳያስ ካብ ዝመርሓ ዘሎ ኤርትራ ኣብ ዝሓሸ ኩነታት ከምእትርከብ ዘከራኽር ኣይመስለንን። ኣብ ውሽጥና ሕቶ ምሕዝነትን ሓድነት ምምላስ ተሳኢኑና ክንስና፡ ዶብ ሲጊርና ምስ ኩሎም ኣንጻር ህልዊ መንግስቲ ኢትዮጵያ ተሪር ተቓውሞ ዘስምዑ ወገናት እንታይ ክንገብር ኢና ንደሊ ዘለና? ዘይተገርሐን ኣብ ቤቱ ውጽኢት ዘየምጽአን ሜእሰሪ ዘይብሉ ፖለቲካዊ ባህሪና እንታይ'ዩ ክሕግዝ? ኣበይ'ዩ ክሕገዝ?

ንሕና ከምኤርትራውያን ኣብ ኤርትራ እንታይ ተነፊጉና፡ እንታይ ይማላሰልና ኢና ንብል ዘለና? እቶም ኣብ ኢትዮጵያ ንሜኣዘዎም ወገናት'ከ ኣብ ኢትዮጵያ እንታይ ጎዲሉና እንታይ የማላሰልና'ዮም ዝብሉ ዘለው? ተቓወምቲ መንግስቲ ኢትዮጵያ ህዝባዊ ቅዋምስለ ዘለዎም ዓንቀጻት እናጠቐሰኡ ቅዋምና ይከበር፡ ኣብ ከምዚ ዓይነት ይጠዓስ ኣሎ'ዮም ዝብሉ ዘለው። ንሕና ግን ትሕዝቶኡ ብዘየገድስ ሃገራዊ ቅዋም የብልናን። ሃገራዊ ባይቶ የብልናን። ኮታ ንጠርዓሉ ትካላት የብልናን። ብእምነ ተይ ንዓና ንኤርትራውያን ዘውጽኣና ህግደፍ ምስ ኩሉ ናይ ጭፍጨፋን ዓፈናን ሜኣውሩ ዝወገደሉ ማሰረታዊ ፖለቲካዊ ለውጢክውን ምግባር'ዩ። ናይ ኢትዮጵያውያን ሕቶ ግን ከምኡ ኣይኮነን። ንጹርነቱ ይጽነሓልና'ሞ ከም ሜል ናይ ቃልሲ'ኸ ብኸሉ ሸነኹ ተገምጊሙድዩ? ብግዝያዊ ስምዒት ዝምራሕ ከይከውን ስግኣት ኣለኒ።

ኣብ ቃልሲ ፈተውቲ ክትፈጥር፡ ብፈተውቲ ክትሕገዝ፡ ንስኻ'ውን ክትሕግዝ ዝነበረን ዘሎን'ዩ። ግን ምስ መን? ኣብ ምንታይ ዘትከለ ግቡእ ፖለቲካዊ ገምጋም ኔርካ ዝፍጠር ዝምድና ክኸውን ኣለዎ። ብሆይ ሆይ ብንግበር ንግበር ዝፍጠር ዝምድና ኣይጠቕመናን። ምስ ኩሎም ኣብ ልኡላውነት ኤርትራ ነግ ፈረግ ዘይብሉ ንጹር ርእይቶ ዘለዎም ብሄራትን ብሄረ ሰባትን ኢትዮዮጵያ ኣብ ምክብባር ዝተማሰረተ ዝምድና ክንፈጥር ቅኑዕ'ዩ። ብተግባር ሰጢምና ክንሰርሓሉ'ውን ይግባእ። ቀዳምነት ክንህቦ ዘለና ግን ኣብ ደምበ ደለይቲ ፍትሒ ኤርትራውያን ዘሎ ዝተዘርገ ፖለቲካ ምጽራይ ክኸውን ኣለዎ። ስለምንታይ ኣብ ዓይኒኻ ዘሎ በሰር ከየውጻእካ ምስ ካልእ ክትሜኣዘን ክትሕግዝን ሰለ ዘይትኽእል። እዚ ኣብ'ቲ ጸኒሕካ ናብ'ቲ፡ ኣብ'ቲ ሓደ ሞቕሎ ዝኻሰስካዮ ቅጫ ከይበሰለ፡ ናብ ካልእ ምስጋር መግለጺ ደምጥርበር ስለ ዝኾነ፡ ሃገራዊ ፖለቲካዊ ሕማምና ብንጹር ፖለቲካዊ ኣረኣእያን ሓቀኛ ምትእምማንን 'ምጥር፡ ብዓቕሊ ጽበት፡ ቁዘማን ጣሕሜሽ ሜሽን ከምዘይፍወስ ተረዲእና፡ ቀዳምነት ካብ ባዕላዊ ድኽሜትን ፖለቲካዊ ድኽነትን ንምንጋፍ ንረባረብ።

**ካብ ዛራ ሜኽ**

16-08-2020